# በሉ ክንትንፍስ : ናይ ኣባይ ወልዱ “ዓለቕቲ”ን ናይ ደመቀ መኮነን “ካንሰርን” እንታይን እንታይን እዮም?

ትግራይ ኦንላይን August 9, 2016

By Seife Hailu, Assistant professor in political science, Mekelle University

እዞም ኣብዚ ርእሲ ተጠቂሶም ዘለው መራሕቲን ዝመርሕዎም ውድባትን ውሽጦም ብደንቢ ይፋለጡ፡፡ ንሕና ዜጋታት‘ውን ንፈልጦም፡፡ ናይ ወለድና **“ዕንጉለን ቆርበትን እናተፋለጣ ይማለጣ”** ዝብልዎ ምስላ ግና ኣብዚኦም ክኮነልና ኣይከኣለን፡፡ ከም ዕንጉለን ቆርበትን እናተፋለጡ ክማለጡ ግን ኣይካኣሉን፡፡ ዋላ እኳ ክማለጥሉ ዝግባእ ምኽንያት ገና ካብ ብጉሓቱ ብኣዴን ካብ ኢህኣፓ ተፈንጪሉ (ንህወሓትያ ካብ ኢህኣፓ ይቀርባ ተባሂሉ) ብናይ ህወሓት ማኒፌስቶ ተከሲቲኑ ንብሄረ ኣምሓራ ካብ ብሄራዊ ጭቆና (ካብ ናይ መን ብሄር ጭቆና ንዝብል ብኣዴን መልሲ ኣይክህልዎምን -ምክንያቱ እንተዝህልዎም ደኣ ካብ ብኢጋኡ ማኒፌስቶ ዘይመውፅእሉ) ነፃ ንምውፃእ ክቃለስ ተወዲቡ በረካ ወፂኡ ኣሎ ዝብል ነገር ምስመፀ ኣትሒዙ ጋህዲ ዝነበረ እንተኮነ ማለት እዩ፡፡ የግዳስ ካብ ነኒባዕሎም ምምላጥ (**“ም”** ጠቢቑ ይነበብ) እቲ ምፍላጥ ንባዕሎም ገይሮም ነቲ ዝመርሕዎ ህዝቢ ግን ብዛዕባ ውሽጦም ከየፋለጥዎ ክማለጥ (ንዕኦም ተኪኡ) ዝዕድምዎ ዘለው ይመስል፡፡ ስለዚ ኣነ ድማ ኣብዛ ሓፃር ፅሑፍ እዞም ውድባት እቲ ምፍላጥን ምምላጥን ናብ ባዕሎም ክምልስዎን ከም ዕዮ ገዛ ወሲዶም ታሪካዊ መዕረፊ ክገብሩሉን ክምጉት መሪጸ ኣለኹ፡፡ ፈለማ ግን ብሕቶን መንደርደሪ ሓሳብን ክጅምር፡፡

ነቶም ናይ 40/50 ዓመት “በዓል ራእይ” መራሒና እባ እዞም ኣብዚ ዓመተ 2008 ኣብ ኦሮምያ: ጋምቤላ :ቅማንት :ወልቃይት:ጎንደር …ወዘተ ዝተርኣዩ ክስተታት ዘይተርኣዩዎም ስለምንታይ ይኮን**?** “ጠጥዕሙ” እናመረፀ ዘሐርጉት ዓይኒ:ልቦናን ሓንጎልን ጥራሕ ድዩማ ነይርዎም? ምክንያቱስ እንተዝርኣዩዎም ነይሮምስ ነቶም ሰብ ሌጋሲ ጽሒፎምን ብመደብ ሽንሺኖምን ምገደፉሎም ነይሮምሞ መንበቡልና ነይሮም ኢለ እየ፡፡ ዋእ እንታይ ደኣ ኢና’ሞ ክንብል! ኣብ ጎንደር ተጋሩ እንትጋፍዑ: ወፍሪ ምቁራስ መሬት ትግራይ ብሽም “ሰላማዊ ሰልፊ” እንትካየድን እዚ ኩሉ እንትግበር ድማ “መሓዛ ውድብ”ዝበሃል ብኣዴን ናይ ውሽጢ ውሽጢ ድጋፍ ካብ ምሃብ ብተወሳኺ ዕላዊ ናይ ድጋፍን ምስጋናን መግለፂ እንትህብን ንብሄረትግራይ ዘብዒ ጠጠው ክብል እየ ኢሉ ቦታ መንግስትነት ሒዙ ዘሎ ውድብ ህወሓት ግን ብኣንፃሩ ንዕላዊ ናይ ውግዘት መግለፂ ዝኮና ቃላት እኳ ብጩቕ ከይበለ ክትዕዘብ ከለካ እዞም ሰባት ኣብቲ ሌጋሲኦም’ዶ ስኢኖምዎ ይኮኑ

እዚ ኩሉ? ክትብል ጥራሕ እዩ ዘገድደካ(ብፍላይ ድማ ብኣዴንን በዓል ራኢይ መራሒን ዘሕለፍዎ ታሪካዊ ርክብ ኣብ ግምት እንትነአትው ማለት እዩ)፡፡

ብዝኾነ ትኩረት እዛ ፅሕፍቲ ኣብዞም መራሒና ነበር ኣይኮነትን፡፡ እንታይደኣስ ኣብቶም ህልዋት መራሕቲና ኣመልኪተ ምስቲ ወቅታዊ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ሃገርና ኣዛሚደ ገለ ነጥብታት ሸው ክብል ደልየስ እዞም መራሒና ነበር ኣብ ሓደ እዋን "ነቲ ኣብ ኣስመራ ዘሎ 'ጣሂር' ዝቃፀረን ቁፃሮታት ሓንቲ ብሓንቲ ብምፍታሕ ኢና ነሸንፎ: ብምካኑ ድማ ካብተን ቁፃሮታት ኣብታ "ሀ" ዘይኮነትስ ኣብታ "ሐ" ኣትኩርና ክንሰርሕ ኢና፡፡" ዝበልዋ ገራሚት ኣገላልፃ ሐዚ ኩነታት ፍሒሩ ኣውፂእዋስ ትዝ ኢላትንስ ብኡ ኣቢለ ስለ ዝዘከርኩዎም እዩ፡፡ በዚ ኣቢለ ድማ ካብተን ንወቅታዊ ኩነታት ሃገርና ኣመልኪተን ዝተነደራ ፈከራታት ናይ ኣባይ ወልዱ "ዓለቅቲ"ን ናይ ደመቀ መኮነን "ካንሰርን" ዝብላ ወሲደ ኣብአን ዝተወሰና ሕቶታት ብምልዓል ሓሳብ ክህብ ደልየ፡፡

1. ናይ ኣባይ ወልዱ "ዓለቅቲ" መን እዩ? ኣድራሽኡከ ኣበይ ይርከብ?
2. ናይ ደመቀ መኮነን " ካንሰርከ" መን እዩ? ኣበይ ይርከብ?
3. እዞም "ዓለቅቲን ካንሰርንከ" እንታይ እዩ ምትእስሳሮም?

ኣበይ ወልዱን ደመቀ መኮነንን ናይዘን ሕቶታት መልሲ ብዝርዝር ከቀምጡልና ተፀቢና ተፀቢና ክንረክብ ኣይከኣልናን፡፡ጋዜጠናታትና'ውን ልቢ ኣይሃቡለንን፡፡ ኣጥቢቆም ድማ ኣይሓተትዎምን፡፡ እዘን ቃላት ምንም ናይ "policy implication" ዘይብለን ናይ ኣፍወለምታ እየን እንተተባሂልና ግን መተዓዛዘቢ እዩ ክከውን ምክንያቱ እዘን ሃይለቃላት እዞም ውድባት ሐዚስ ግዲ በቃ ወዲኡሎም ክፈታተሹ ኢሎም ዘብላ እየን ብባህሪአን፡፡ ዝኾነ ኮይኑ ኣባይ ወልዱ ናይቲ "ዓለቅቲ" መንነት:ኣድራሻን በዝሒ ቁፃራቱን ኣየብረሀልናን፡፡ ደመቀ መኮነን'ውን ናይቲ "ካንሰር" መንነት:ኣድራሻን በዝሒ ቁፃራቱን ኣየብረሀልናን፡፡ ነገር ግን ምንም እካ ክልቲኦም መራሕቲ ንዲፕሎሚያሲዊን ፕሮፖጋንዳዊን ዕላማ ክበሃል ብዝመስል መልክዑ እዞም "ዓለቅቲን ካንሰርን" ሓደ መንነትን ሓደ ንፁር ኣድራሻን ዘለዎም ኣምሲሎም ብደፈናኡ " ተለኣኣኽቲ ፀረ ሰላም ሓይልታት" ብዝብል ስእሊ ከቅርብዎም እንተፈተኑ ነዞም ኣብ ሐዚ እዋን ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሃገርና (ብፍላይ ድማ ኣብ ክልል ኣምሓራ) ዝርአዩ ዘለው ፖለቲካዊ ምዕባለታት ኣብ ግምት ብምእታው ናይ ኣባይ ወልዱ "ዓለቅቲ" ኣድራሻ ኣብ እንዳ ደመቀ መኮነን ከምኡ እውን ናይ ደመቀ መኮነን "ካንሰር" ኣድራሻ ኣብ እንዳ ኣባይ ወልዱ ክከውን ከም ዝክእልን ስለዚ ድማ ክልቲኦም ኣብ ሓንቲ ፃሕሊ ዝምገቡን ከምቲ መለስዜናዊ "ሐ" ኢሉ ዝገልፆም ዝነበሩ ዓይነት ሓይልታት ውሽጢን እዮም ዝብል መላምት ኣቀሚጥካ

ምምርማርን ትንተና ምግባርን እዩ ዝሓሸ ዝኸውን፡፡ ካብዚ ወፃኢ ምካድ ግን ካብቲ ዓንዲ ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ናብ ጋል መንገዲ ዘውፅኣካ ትንተናን ምርመራን ምኽያድ እዩ ክኸውን፡፡ካልኦት ፖለቲካዊ ምዕባለታት ናይዚ ዓንዲ ኣጀንዳ መገብቲ ሩባታት እዮም ክኮኑ ዝኽእሉ፡፡ ነቲ ብፍጥነት ተጀሚሩ ብፍጥነት ክውዳእ ዝግበኦ ዘይተርፍ ምርጋሕ ክልቲኦም ውድባት ድማ  ናይ ሓሸውየ ፅዋታ እናፃወቱ ዕድምኡ የናውሕሉ፡፡

እምበኣርከስ ኣባይ ወልዱ ዝመርሓ ህወሓት ንደመቀመኮነን ዝመርሓ ብኣዴን “ካንሰር” ክምኡ’ውን ደመቀመኮነን ዝመርሓ ብኣዴን ንኣባይ ወልዱ ዝመርሓ ህወሓት “ዓለቅቲ” ብዝብል ቅኒት እንተኸይድና (እዚ መላምት ተራ መላምት ውን ኣይኮነን ረጉድ ናይ ታሪክ መንፀፍ ዘለዎ እዩ- ኣብ ናይ 85 ዓም  ምርፋት ተጋደልቲ ህወሓት: ናይ 1993 ዓም ናይ ህወሓት ክፍፍልንን ናይ ኢትዮ ኤርትራ ኲናትን: ናይ 1997 ዓም ምርጫ  ኢህወዴግን ክሰዓርን ቅንጅት ክስዕርን ወዘተ ብኣዴን ዝነበሮ ኢድ ከም ምስክራት ምቅራብ ይከኣል) ንኣባይ ወልዱ  “ጀቅጀቅ ወይ ረግረግ” ምድራቅ ንደመቀ መኮነን ድማ  ናይ “ካንሰር ጋንግሪን ቆሪፅካ ምድርባይ” ናይ ቀፃሊ ቃልሶም ስትራተጂታት ይኮኑ ኣለው ማለት እዩ ዝኸውን ዘሎ ማለት እዩ (ቅዲ ኣዘራርባ ኣባይ ወልዱ): ናይ ኢትዮጵያ ናይ ፖለቲካ ባህሊ ናይ “zero-sum game” ባህሪ ስለዘለዎ ድማ ወይ ኣባይ ወልዱ  ዓለቅቱ ኣጥፊኡ ወይ ደመቀ መኮነን ካንሰሩ ኣጥፊኡ ዝዛዘም ፖለቲካዊ ፅዋታ እዩ ክህልወና ማለት እዩ፡፡

ብምካኑ ድማ እቲ ኣብ ጎንደር ንበሎ ኣብ ቅማንት ወይ ኣብ ወልቃይት  ዝምዕብል ዘሎ ፖለቲካዊ ሁውታተታት ነዚ ዋና ፅዋታ መዳመቒ ክኸውን ዝኽእል እምበር ዋና ቃላሲ ጉዳይ ኣይክኸውንን፡፡ ምኽንያቱ ብኣዴን ናይ ቅማንት ሕቶ ናይ ኣምሓራ መንነት ንምጥፋእ ህወሓት እትምውሎን እትመርሖን ምንቅስቃስ ኢዩ ዝብል ሕቡእ እምነት ብምሓዝ ኣብ ትግራይ (ከም Reciprocity ማለት እዩ)ናይ ወልቃይት ናይ መንነት ሕቶ ክለዓል ሓገዝን መሪሕነትን ብምግባር ህወሓት ኣብ ተመሳሳሊ ናይ ውሽጢ ኣጀንዳን ወጥርን ክትኣቱ ንምግባር ዝሰርሖም ስራሕቲ (ከም እምነት ህወሓታዊያን ማለት እዩ - ብሱሩ ውን ይመስል እዩ ምኽንያቱስ ከመይ ገይርካ ዳኣ’ሞ  ጎንደረታይ ካብ ትግራዋይን ካልኦት ህዝብታት ኢትዮጵያን ፍልይ ዝበለ ፖለቲካዊ ንቅሓተ ሕልና ሃልዩዎስ ፖለቲካዊ እምበር ካልእ ትርጉም ክወሃቦም ዘይክእል “ትግሬ እንጂ ትግራይ ከተከዜ ኣልፎ አያቅም” “የህወሓት የበላይነት ይቁም” ወዘተ ዝብሉ ጭረሖታት ሒዙ ብዘይ ምንም ናይ ብኣዴን ድጋፍን ኣመራርሓን ይስለፍ እዮ ኢልካ ምእማን ይከኣል? ብርግፅ’ውን ደሓር እቲ ድጋፍ ብኣዴን እቶም ናይ ሰልፈኛታት ሕቶታት (እቶም ኣብ ጭሮሖታት ዘለው ማለት እዩ) ክምለሱ እዮም ምስበለ ጋህዲ እናኮነ መፂኡስ እቲ ፅዋታ ካልእ ምካኑ ካብኡ ምግንዛብ እናተከኣለ መፂኡ) እንትንዕዘብ  እቲ ሓቃዊ ፖለቲካዊ ጎንፂ ኣብዞም ክልተ “ሓራምዝ (ዓለቅቲን ካንሰርን)” ውሽጢ ከምዘሎ ግንዛበ ትወስድ፡፡

ከምኡ'ውን ኣብ ታሕቲ ኣብ መንጎ "ሳዕሪታት" ዘሎ ጎንፂ ናይዚ ፖለቲካዊ ናይ ሓራምዝ ጎንፂ ነፀብራቅን ውረድ ተዋረድን (derivatives) ጥራሕ ገይርካ ብምውሳድ ነዚ ደረጃ ዝምጥን ክብደት ሂብካ ምግምጋም ከም ዘድሊ ትግንዘብ: ኣነ ብወገነይ ዘለኒ ርድኢት ከምዚ እዩ፡፡ ስለ ዝኾነ ድማ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስኩዎም ነጥብታት ብምብጋስ ንህወሓትን ብኣዴንን ዝስዕቡ መልእኽታት ጀባ ኢለ ኣለኹ፡፡

**ንህወሓት:**

ዓለቅቲ ወይ ጀቅጀቅ ዓለቅቲ ይከውን ኣሎ ንዝበሃል ዘሎ "ብኣዴን" ተሸኪምካ ናይ ምካድ "ሌጋሲ" ኣራግፊ፡፡እዙይ ጥራሕ'ውን ዘይኮነስ ከምቲ ሓደ ሰብኣይ እዮም ኢሎምዎም ኣብ ሓደ እዋን ብረት ሒዞም ምስ ሓደ ቃስታ ዝሓዘ ሰብኣይ ባእሲ ክገጥሙ ከይዶምስ እቲ ሰብኣይ በቲ ቃስታኡ ብርሑቅ ምስገጠመሎም **"ኩናት እንተኮይኑ ኩናት ይምሰል እንተዘይኮይኑ ዓይንና ከይተንቁረና"** ኢሎሞ ዝበሃል ንስኺ'ውን ንብኣዴን ከምዚ ዓይነት ናይ "ብዕሊግጠምኒ" መልእቲ ብግልፂ ብምምሕልላፍ ኣብ ናይ **"ዛእምባይ መን ይወርሳ"** ፖለቲካዊ ባእሲ ወይ ኣሸንኒፍኪ ወይ ተሸንፊኪ ክትወፂ ግበሪ፡፡ እዙይ ንምግባር ዘድልየኪ ናይ ኣመራርሓን ኣወዳድባን መጠንን ዓይነትን "ብረት ድዩ ቃስታ" ክመስል ዘለዎ ናይ ውሽጥኺ ፖለቲካዊ እስትራተጂን ታክቲክን እዩ ዝውስኖ፡፡ ኣነ ብዛዕባ እዙይ ኣብዚ እዙይን እቱይን ክብል ኣይደልን፡፡ ዝኾነ ኮይኑ እዙይ ንምትግባር ወይ ዘይትደልዩ ወይ ዘይትክእሊ እንተኮይንኪ ግና ትግራይን ተጋሩን ቅድመየኺ ዝነበረን ድሕረየኺ ዝነብርን ልዕሊ "party politics" ዝሰርዕዎን ካብ ነዊሕ ናይ ታሪክ ዘመናም ዝቀፀለን ኣብ መፃኢ'ውን ዝቅፅልን "ሂወት: ግዝኣት: መንነት: ታሪክ: ስልጣነ: ክብርን ልዕልናን" ስለዘለዎም ነዚኦም ኣረኪሽኪ ጠላዕ ክትፃወቲ ስለ ዘይፈቅዱልኪ ሽተት ኢልኪ ውረዲ፡፡ ንሳ ትሕሽኪ ምስ ክብርኺ፡፡

**ንብኣዴን:**

ህወሓት ናይ እማን "ካንሰር" ኮይናትኪስ መሪሩኒ ፀቢቡኒ ትብሊ እንተኮይንኪ በትሪኪ ናብ የማዩ የሰማዩ ዝኾነ መሬትን ህዝቢን ትግራይ ምውጥዋጥ ገዲፍኪን (ስለ ዝተነቀሐልክን ዘየዋፀኣኪን'ውን) ካብ **"ኩኩ ሕንዲጉ ወይ ሕብሕብተይ"** ዝዓይነቱ ፖለቲካዊ ፀዋታ ምፅዋት ወፂእኪን ፊትንፊት ንህወሓት ግጠምያሞ ወይ "ካንሰርኪ" ቆሪፅኪ ደርቢኺ ትገላገሊ ወይ ዓለቅቲ ኮይንኪ ምስ ጀቅጀቅኪ ነቂፅኪ ንርኢ፡፡

ካብዚ ወፃኢ ግና ህወሓትን ብኣዴንን እናተፋለጥክን (ንሕና'ውን እናፈለጥናክን) ናይ ውሽጢ ጎንፂታትክን ናብ "ሳዕርታት" " Horizontalize, broaden and deepen" ብምግባር ዜጋታት ከም ዕንጉለን ቆርበትን ገና ከይተፋለጡ ክማለጡ ኣይትግበረኦም፡፡ ዜጋታት ድማ ነዚ ኩውንነት ዓይንና ቃሕ ኣቢልና

ብዕቱብ ብምርኣይ እቲ ባእሲ ባእሲ “ሓራምዝ” ጥራሕ ኮይኑ ክውሰን:  ክጅመርን ክዛዘምን (ዘይተርፍ ስለ ዝኮነ ማለት እዩ) ንምዓድ: ንውቀስን ንቃለስን እብል:: ወደሓንኩም!!

**On a passing remark: Here is my stake on one contemporary political agenda in our country: <u>On the politics of “Wolkayt identity”</u>**

**I say this**: What seems to be politically inevitable is politically impossible! Wolkayt is Tigray’s and the people of Wolkayt are Tigrians. Period! This is so on **at least three** grounds:

A. **History**: if we make a back ward mapping to the history of Ethiopia (E.g. to the 17th C.) we found it to be crystal clear that let alone Wolkayt even a good part of today’s Amhara region was all that of Tigray because our boundary with Shoa by then was Lemalimo. In fact, if we push history further back (to the ancient and medieval period of our history) we also get a bigger picture- the whole of the Abyssinian/Christian highland state (Habesha land) was Tigray’s land. So, therefore, from a historical perspective, the argument that Wolkayt has a different identity than being Tigrian is ahisorical, invalid, unsound and uncogent.

B. **Politics:** If the argument that Wolkayt is not part of Tigray and its people are not Tigrians is based on political reasoning then the simple question to ask here is: What does the current political map of Ethiopia read and say about the matter?  And, the answer is pure and simple. It reads as “Wolkayt under the current political map of Ethiopia is part of the National Regional State of Tigray”. Finished!

C. **Force:** If still there is an argument which might possibly state that Wolkayt can be made part of other identity apart from being Tigrian by force (war and military might) well that would not also hold water because when it comes to the history of Tigrians (Wolkayts included) on matters of land, wife and identity, history has time and again crystal clearly proved that our recorded history is a history of victory. No one has also lived to tell the opposite story in this regard. Pertinent to the matter at hand, we have for instance the history of “ሓጎሰ ሜዳ ፀበቦ” and “ገብርየን ማርየን” from which we all can take a lesson also. Therefore, as the saying “ ድንሽ ከም ምቕላጥ ቀሊል ኣይኮነን” also goes  the mantra of taking some body’s land and changing peoples’ identity by force can’t be as simple as some would naively imagine. This is not just about propaganda. It is a history tested truth especially as applied to the history of Tigray and Tigrians. Today’s rhetoric will also be not an exception. It can only be to some old actors a historic fatigue and to other new comers a day dream. This is so for a simple reason. The  children of Tigray from my generation will not allow such

eventuality to step in because not only are they well aware that their grand fathers never allowed it to happen but also about the fact that their grand grand fathers did even more and better in this regard. So, force as a strategy also simply doesn't work. Hence, I think, it is now high time to close the chapter of the historically, politically and militarily senseless discourse on the politics of "Inventing new identity for Wolkayt and the Wolkayts" and then push forward to the agendas that affect us most.

**"Tigray is too small to be divided and too big to fall!" "Long live father land!"**